# ዜና ዕረፍት ጥቀ ክቡር
# ጥቀ ኣባ ተኽለብርሃን ጸጋይ ሰሎሞን

## "እስመ ኣልቦሙ ለአግብርቲከ ሞት ኣላ ፍልሰት "



ነፍሰኄር ጥቀ ክቡር ኣባ ተኽለብርሃን ጸጋይ ኣብ 65 ዓመት ዕድሚኦም 36 ዓመታት ክህነታዊ ኣገልግሎትን ሕማም ሳልስቲ ሓሚሞም ዝሓለፈ በዓለ ጸሎተ ሓሙስ ኣብ ድሮ ዓርቢ ስቅለት ከምዝዓረፉን ሎሚ ሰኑይ ካብ መላእ ኤርትራ ብዝተአከቡ ውሉደ ክህነት ገዳማውያንን ገዳማውያትን በርባቲኦም ጳጳሳት ካቶሊካዊት ቤተክርስትያንን ካብ ኩሉ ኩርነዓት ሃገርና ዝመጹ ቀባሮን ተሰንዮም ኣብ መካነ ርእሰ ኣድባራት ደብረ ቅዱስ ሚካኤል ሰገነይቲ ሓመድ ኣዳም ለቢሶም፣

ታሪኽ ሕይወቶም፣ ነፍሰኄር ጥቀ ክቡር ኣባ ተኽለብርሃን ጸጋይ ብዕለት 30 ጥሪ ብ1953 ዓምፈ ካብ ካቶሊካውያን ወለዲ ኣቶ ጸጋይ ሰሎምንን ወ/ሮ ለተንጉስ ወልደዮሓንስን ኣብ ማይዔላ ስያሕ ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ ተወሊዶም ብሰብ ሰናይ ዜና ኣባ ሃንስ ክፍላትን ኣባ ዑቑባዝጊ መንግሥቱን እናቴ ኣድሓነት ዓምደሓንስን ካህናት ማሕበረ ልኡካን ገዳም ሔቦን ደናግል ደቂ ፍቅርን ዝተፈላለየ ኩስኰሳ ረኺቦም ብንኡስ ገዳም ዘርአ ክህነት ከረንን ዓቢይ ገዳም ዘርአ ክህነት ኣሥመራን ተመልሚሎም ብፈተናታትን ተመኩሮን ዩኒቨርስትን ምስ ሓለፉ ብ5 ሓምለ 1982 ዓምፈ ኣብ ኣሥመራ ብኢድ በዓል ሰናይ ዝኽሪ ነፍሰኄር ብፁዕ ኣቡነ ኣብርሃ ፍራንሷ መዓርገ ክህነት ተቀበሉ፣ ብ23 ታሕሳስ 1982 ዓምፈ ኣብ ከተማ ቫቲካን ኣብ ዝርከብ ኢትዮጵያዊ ጳጳሳዊ ኮለጅ ተላኢኾም ካብ ኣንጀሊኩም ዝበሃል ጳጳሳዊ ኮለጅ ብዛዕባ ሓድነት ኣብያተ ክርስትያን ዝርኢ ሊቅነቶም ኣመስኪሮም ማስተርስ ዲግሪ ምስ ተቀበሉ ንዓዲ ተመሊሶም ብዓቢ ቅንኣት ነፍሳት ኣብ ዓዲ ፍኒዕ ኣብ ጉስነት እኳ እንተወፈሩ ኣብ ሓጺር እዋን ግን ተመሃሮ ዘርአ ክህነት ንክኹስኩሱን ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣቡነ ሰላማ ከሳቴ ብርሃን ትምህርተ መለኮት ንክምህሩን ናብ ኣስመራ ተጸውዑ፣

ምስዚ ብንጽልን ድርብን ዘበርከትዎ ኣገልግሎት ብሓጺሩ ነዚ ይመስል፣

1. ካብ 1987 ክሳብ 1989 ዓምፈ ኣብ ደብረ መድኀኔ ዓለም ገዳም ዘርአ ክህነት ከም ሃለቓ ተመሃሮን ኣብ ኣስመራ ተሎግያዊ ተቝኣም ከም መምህር ኮይኖም ኣገልገሉ
2. ካብ 1989 ክሳብ 1991 ናይ ሓቅን ሕይወትን እትብል ወርሓዊት ጋዜጣ ኣሰናዳእን ሓላፍን ብምኳን ብዙሕ ኣበርኪቶም
3. ካብ 1991 ክሳብ 1993 ኣብቲ ግዜ እቲ ብሓዋርያዊ ግብረ ተልእኮ ዘሰሜን ኢትዮጵያ ዝፍለጥ ዝነበረ ዓቢ ናይ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ቤትጽሕፈት ሓላፊ ብምኳን ዝተፈላለየ ሰሚናርት ብምስንዳእ ናይቲ መጽናዕትታት ጽሑፋት በብግዜኡ ሰኒዶም ብመልክዕ ዓቢ መጽሔት ነባሪ ታሪኽ ገዲፎም
4. ካብ1993 ክሳብ 1996 ዓምፈ ናይ ምብራቓዊ ዕቅብና ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝነበረ ናይ ሎሚ መንበረ ኤጳርቅና ሰገነይቲ ኣባል መንፈሳዊ ጉባኤን ሊቀ ካህናትን ቆሞስን ኮይኖም ኣገልገሉ

5. ካብ 1996 ክሳብ 2005 ዓምፈ ናይ ደብረ መድኀኔ ዓለም ገዳም ዘርአ ክህነት ዘኤጳርቅናታት ኤርትራ ፈላሚ ሓለቃ ብምዃን ኣብ ጽንኩርን ከቢድን ሕይወት ጥንቃቐን ቆራጽነትን ዝሰነዮ መሪሕቶም ፍሉይ ዝኽሪ ገዲፉ እንከብቅዕ ንኩለን ሰበኻታት ዘገልግሉ መንእሰያት ካህናት ኣፍረዩ፣ ኣብዚ ገዳም ዘርአ ክህነት ከም ሓለቓ ኮይኖም እናሰርሑ ኣብ ኣስመራ ቊምስና በኣታ ለማርያም ገዛባንዳ ብሉጽን ውፉይን ከም ቆምስ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ኣበርከቱ፣
6. ብ2006 ዓምፈ ናይ ሓደ ዓመት ዕረፍቲ ብምውሳድ ኣብ ዓዲ እንግሊስ ኣብ ናይ ቅዱስ ኣንሰልሞስ ተቊዋም ምኽርን ሓዋርያዊ ኣገልግሎትን ዝብል ትምህርቲ ቀሰሙ
7. ካብ 2007 ክሳብ 2012 ዓምፈ ናይ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ ቤት ጽሕፈት ዋና ሓላፊ ኮይኖም ኣገልገሉ
8. ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ሰገነይቲ ካብ ዝቀውም ክሳብ ዕለተ ዕረፍቶም ናይ ቤትጽሕፈቱ ዋና ጸሓፍን ዓቃቤ መንበርን ኮይኖም ኣገልጊሎም፣

---

## ክምለስ ኢየዶ ኢሉኩም? (ብዶ/ር ክፍለማርያም ሓምደ )

---

1. ኣቱም ሰባት ገዲፉናዶ ኣይከደን ከይተፋነወና
ክምለስ ኢየዶ ኢሉኩም ንዓናስ ነይነገረና
ኣርሒቁዶ ይኸውን ወይስ ከታልለና
ቀረባዲ ይርከብ ወይስ ኣብዛ ጥቃና
ክምለስ ኢየዶ ኢሎሙኹም ንሕናስ ነይፈለጥና

2. ኣቱም ኣባቱ ካንዶ ጨኪንካ
መማህርትኻን መተዓብይትኻንኳ ሰላም ካይበልካ
ዝናፍቁኻን እትናፍቆምን ነንበይኖም ገዲፍካ
ፍቅርኻን ናፍቆትካን እኳ ዘየውጸእካ
ንዓባ ተመለስ ክንሳለም ንየማናይ ኢድካ
ከምታ ዘልመድካና ብቅዱስ መስቀልካ

3. ኣቱም ሰብ ምዔላ (ማይዔላ) ተክለብርሃንዶ ርኢኹም
ዝብጻሕ በጺሖ ተመላሳይየዶ ኢሉኩም

ኣቱም ሰብ ሰገነይቲ መምህረይዶ ርኢኹም
ሓላፍነት ሰበኻ ኣሰናዲየ ክምለሰየዶ ኢሎኩም

ኣቱም ሰብ ሲያሕ ሓላፍ መንገዲዶ ኣማዕዲኹም
ንሰገነይቲ ኣንጊሀ ክምለስ ኢየዶ ኢሉኩም

ኣቱም ሰብ ኣኾሩር ሓላፍ መንገዲዶ ርኢኹም
ገያሻይ ክንሱ ሰላምዶ ኢሉኩም

ኣቱም ሰብ-ሰለድ ወድኹምዶ ሓሊፉኩም
ጠሚዩ ምስ መጸ ገለዶ በለስ ኣወፈኹም

ኣቱም ሰብ-ዓላ ጋሻዶ መጺኡኩም
ደኺሙ ምስ መጸ ገለዶ ኣራንሺ ሂብኩም

ኣቱም ሰብ-ጽንዓድግለ እንታዩ ወሪዱኩም
ንመምህረይ ለሚንኩምስ ምሳና ይሕሸካ ዛይበልኩም

ኣቱም ሰብ-ዓጋምበሳ ደሃዩዶ ኣሎኩም
ንባሕሪ ወሪዱ ካይህሉ ምሳኹም

ኣቱም ሰብ ኣከለጉዛይ ባ ተክለብርሃንዶ ርኢኹም
ናይ ሰበኻ ሓላፉ ዝሓሰበ ኢዩ ብኣኹም

ኣቱም ሰብ-እንጋንእ ደሃይ ጐረቤትዶ ነይሩኩም
ጌና ኢዩ ጊዜኻ ኣገልግለና ደኣ ዛይበልኩም

ኣቱም ሰብ-ዝባንቡር ደሃይ ባ ተክለብርሃንዶ ኣሎኩም
ንሓላይዲ ወጺኡኾን ሰላም ክብል ንኣኹም
ኣርሒቁ እንተገሸ ደሃይ ግበሩ ብኣኹም

ኣቱም ሰብ ሽመዛና ክሓተኩምዶ ንኣኹም
ንሰንዓፈ እንክገይሽ ሓላፉይ ነይሩ ብኣኹም
እንታይሞ ይገበር ክሓዝን ምሳኹም

ኣቱም ሰብ ሓማሴን መምህረይዶ ርኢኹም
ብጋዴን ምስ ወጸ ኣብ ዓዲ-ሓውሻዶ ኣሕዲርኩም
ላዕልን ታሕትን ዛይመላልስሲ ወሪኡዶ ኣሎኩም
ኣብ ጸሎት ኣዕሪፉ ሰብከት ኣስሚዑኩም

ኣቱም ሰብ-ኣስመራ ቦታ ሰሚናረ
ባ ተክለብርሃን እንዲዩ ኣብኡ ዝተማህረ
ዳሕራዩ ከኣ ተሎጊያ ዘምሃረ
ነማእት መንእሰይ ጸጋ-ፍልጠት ዘዕተረ

4. ኣቱም ሰብ-ሰራየ ሰሚዕኩሞዶዚ ወረ
መምህረይ ሓሊፉ ደሃዩ ተሰወረ

ኣቱም ሰብ ተራእምኒ ከምኡውን ሓልሓለ
ኣባቴዶ ርኢኹም ክሓልፍ ዓዲኹዋለ

5. ኣቱም ሰብ-በጕስ ብፍላይ ብሊን (ቢለን)
ተምሃራይኩምዶ ርእኹም ዝዓበየ ኣብ ከረን
ወዲ ዘርኣክህነት ኣብ ላዕላይ ከረን
ፈላሲ ክኸውን ኣብኡ ዝሓለነ
ካብቶም 30 ብጾቱ በይኑ ዝኸሃነ

6. ኣቱም መማህርቱ ኣብ ኣስመራ ከረንየ
ኣየ ቅንዕና ኣየ ሕውነትየ
ኣየ ሕያውነት ኣየ ርትዕናየ
ኣየ ፍቅሪ ኣየ ምሕዝነትየ
ንስኻዶ ትሓልፍ ምስቲ ኩሉ ክእለትየ
ወሊዳ ኣደኻስ ምስ ኹሉ ፈቃርየ

7. ኣቲ ክንደይ ትጭክኒ ነባ ተክለብርሃን እትወስዲየ
እዛ ሞት ትበሃል ንኣባቴ ዛይትንሕፍየ
ገለስ ምሓፈርኪዮም እንተትመኽሪየ
መዳህለሊት ኮንኪ መጻኢት ብጸልማትየ
ወይ ናፍቆት ዛይትቒጽሪ ወይ ሕውነትየ
መተዓብይቲ ትፈላሊዪ ከምኡውን መሳቱየ
ኣብ ዓዲ ዘሎ ዛይትቒጽሪ ወይስ ኣብ ስደትየ
ምስ ወለዲ ዛይትማኸሪ ወይስ ምስ ኣቡናትየ
ክሊ ጨካን ኢኺ ምስንዳው ዛይትህቢየ

8. ኦ ነፍሲ ህድኢኺ ኣባቴየስ የሎን ኣብዚ ዓለም
ሰብ-ተስፋ ኢና ግን ንሕይወት ዘለኣለም
ኣባ ተክለብርሃን ኣብኡሎ ኣብ ኢድ ፈጣሪኡ
ሓሊፉሎ ቦታ ከሰናዱ ንተምሃሮኡ
........................................

ዘለዓለማዊ ሕይወት ንዓርከይ ኣባ ተክለብርሃን ጸጋይ ጽንዓት ንቤተሰብን ኣባላት 4ኡ ሰበኻታትን ብስም እቶም ካብ 1968 ክሳዕ 1980 ኣብ ሰሚናርዮ ከረንን ኣስመራን ዝነበሩ መማህርቶምን መተዓብይቶምን ኣዕሩኽቶምን፡ ካብ ኩሉ ቦታታት ኤርትራ ዝመጹ (ገለ ኣስማት ዓድታት ኣብ ላዕሊ ተመልከት)

ክፍለማርያም ሓምደ
ኡመዮ፡ ሃገረ ሽወደን
2018-04-09